# ዓደይ ተኀቢኣ

ሲሳይ ሕሽ (መሪጌታ ሃይሉ) ካብ ቶሮንቶ ካናዳ

ሓዘን እን ኪርስ ጓሂ እን ኀበዛይ እህታ
እነ'ታኽልቲ ብፅንዓት ክኢልና
ኣንፈቶም መንገዶም ክስዕቡ ደቅና
ዛንቶኦም ተሪኽና እፎይ እንተይበልና
ኣላማጣ ኣብ ሰላም እንትወድቕ ጅግና
ሃገር ተናዊፃ ለባም ተታኺሱ
ኣልምዕ እንተተባህለ ደኺመ ኢሉ እያሱ
ዳግማይ ከይነቅሕ ክያኒ ደቂሱ
ቅያኣ ወፅዓኣ ኩሉ ዝነግረላ ዋሕሳ ልሳና
ወዳ ምስቀበፀት ሃገረይ ሓዚና
ተፅናዕናዕኩ እንትትብል ነዞም ዝተረፉ
ምዕሾታት ሪኣ
ለምዘበን ንበይኑ'ዩ ዓይና እናራኣየ ዓደይ ተኀቢኣ
ሕሬት ዓይኒ ምፅኣት ጉብአ'ኳ ኣይገልፆ
ብርሃንና ፀልሚቱ ተገፍቲኑ ማዕፆ
ከየንቲ ትግራይና ግርምቢጥ ኣመሎም
ግፍዒ ጭንቆ-ፀላም ብሓቦ ሰጊሮም
ፎቕዶ በረኻ ኣብ ውግእ ውዒሎም
ብቡምባ ብጥይት ብዕሾኽ ቆሲሎም
ደሞም እንትውሕጅ ክንደይ ጉድ ክኢሎም
ክሳብ ፀሓይ በርቂ ምንም ከይመሰሎም
ካብ ጫፍ ዶብ ናብ ጫፍ ዶብ ሰጥ ኣቢሎም ዓዲ
ዘሪኦም ዓዪዶም ምስ ሓፈሱ ዓውዲ
ኣብ እዋን ዕረፍቲ ኣብ ምዕንጋል ከብዲ
ምስ ሰብ ከይገጥሙ ኣርሒቖም መንገዲ
ብጥቕሚ ብኽብሪ እንተይተታለሉ
ካብ ሕቘፉ እንተይወፁ ሃገረይ ምስበሉ
ህዝብና ናብ ህንፀት እናላዓዓሉ
ለሚዓ ክሪኡ ሃፍቲማ ሃገርና
ብናብራ ብፍልጠት ልእሊ ኩሉ ኮይና
ያታና ክልወጥ ዓለም ክንእደና
ዕርፍቲ እንተይበሉ ጥቕሚ እንተይሓተቱ
ብስሙር ጅግንነት ሰርኪ ምስከተቱ
ኣብ ልእሊ ድኽነት ወትሩ ምስ ዘመቱ
ሽልማት ክንህቦም ህዝባዊ ምስጋና
ሓንቲ ዕለት'ኳ ዕድል ከይሃቡና
መሬት ከይፀልመተ ጉብአ ተኀቢእና
ቃላት ዘይገልፆ መዓት ወሪድና
ኣሕዋትና ጠፊኦም ከድና እንተይበሉና
እንትፍጠር እምበር ማዓዝ እንትጠፍእ
ይሳናበት ጅግና